# ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪን ኤይድስን ዘሎ ጭብጥታት

ኤይድስ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ኣብ መበል
80 ዓመተ ምሕረት ከኣ ኣብ ምሉእ ዓለም
ክመሓላለፍ ጀሚሩ። ኤይድስ ከብሎ ዝኽኣለ
ሓደ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝበሃል ቫይረስ ኣብ
ፍሉይ ኩነታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክመሓላለፍ
ከሎ እዩ።

## ኤች.ኣይ.ቪ. እንታይ እዩ ?

ኤች.ኣይ.ቪ. ዝብል ኣሕጽሮተ ቃል ናይ 'ሰብኣዊ ተፈጥሮኣዊ መከላኸሊ ሓይሊ

ዘልምስ ቫይረስ' እዩ። ኤች.ኣይ.ቪ. ዘለዎ ሰብ ኣብተ መጀመርታ ዓመታት ሕማም ኣይስምዖን እዩ። ነገር ግን በብቑሩብ እቶም ንምክልኻል ዚጠቕሙ ዋህዮታት በቲ ቫይረስ ክጥቀዑ ይጅምሩ።

ኤች.ኣይ.ቪ. ዘለዎ ሰብ እቲ ቫይረስ ኣብ ኣካላቱ ኣለዎ። ኣብ ዝተረፍ ዕድሚኡውን ንኻልኦት ሰባት ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ።

## ኤድስ እንታይ ኣዩ ?

እቲ ሕማም ናብ ሓደገኛ ኩነት ምስ ማዕበለ ኤይድስ ይበሃል። ኤይድስ ዝብል ኣሕጽሮተ ቃል ናይ 'ሰብኣዊ ተፈጥራዊ መከላኸሊ ሓይሊ ኣልሚሱንሕማማት

ዘቃልዕ ሕማም' ማለት እዩ። ሓደ ኤች.ኣይ.ቪ. ዘለዎ ሰብ፡ ናብ ኤይድስ ዝምዕብል እቲ ናይ ምምካት ተኽእሎ ኣንጻር ተላገብቲ ሕማማት ምስ ዚዓኑ ከም ቫይረስ፡ ባክ ተሪያን ዕሲን ከምጽእ ከሎ ንምክልኻል ሓይሊ ክስእን ከሎ ኣዩ። እቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝሓዘለ ሰብ ንምሕካም ዕድል እንተድኣ ዘይብሉ፡ እቲ ሕማም በብቑሩብ ናብ ኤይድ ስ ይምዕብል። ከም ግቡኡ ካብቲ ዝተታሕዘሉ እዋን ጀሚሩ ናብ ኤይድስ ንኽምዕብ ል ካብ 8-10 ዓመት ይወስድ።

ኣብ ገለ ክፍልታት ዓለም እቲ ምኽንያት ሞትሲ ኤይድስ ከም ዝኾነ ይፍለጥ። ኣብ ገለ ሃገራት እቲ ማእከላይ ናይ ምንባር ዕድሜ ክሳብ 10 ዓመት ወሪዱ ይርከብ።

## ኤች.ኣይ.ቪ ብኸመይ ይመሓላለፍ ?

ኤች.ኣይ.ቪ ዝመሓላለፍ፤

1. ጾታዊ ርክብ ብዘይ መከላኸሊ ኣብ መንጎ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን፤ ጓል ኣንስተይትን ወዲ ተባዕታይን ከምኡውን ኣብ መንጎ ወዲ ተባዕታይን ወዲ

ተባዕታይን ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። ምስ ሓደ ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ብዘይ መከላኸሊ ስጋዊ ርክብ ምግባር ንዝኾነ ሰብ ክመሓላለፎ ይኽእል እዩ። ምኽንያት መተሓላለፊኡ ኸኣ ብቀጥታ ምስቲ ኣብቲ ደም ዝርከቡ ቫይረስ፤ ምስ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን ምስ ቲ ኣብ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝርከብ ፈሳሲን ምስ ዝራኸብ እዩ።

ኤች.ኣይ.ቪ ካብ ወዲ ተባዕታይ ናብ ጓል ኣንስተይቲ፤ ካብ ጓል ኣንስተይቲ ናብ ወዲ ተባዕታይ ከምኡውን ካብ ወዲ ተባዕታይ ናብ ወዲ ተባዕታይ ክመሓላለፍ ይኽእ ል እዩ። ሓደ ካብ ክልቲኦም ወይ ክልቲኦም ብስጋዊ ርክብ ክመሓላለፍ ዝኽእል ሕማም ኣንተ ድኣ ሃልይዎም፤ ኤች.ኣይ.ቪ ብቐሊሉ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ

(SOS)። ከምኡውን ግብረ-ስጋ ብኣፍ ብምፍጻም እቲ ቫይረስ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ፣ ኣዚ ማለት ከኣ ኣብ መንጎ ብልዕቲን ኣፍን/መልሓስን ዝግበር ርክብ ማለት

እዩ። እዚ ኸኣ ብፍላይ ጭዓድ ወይ ቁስሊ ኣብ ኣፍ ወይ ኣብ ብልዕተ ምስ ዝህሉ ሓደገኛ እዩ።

2. ብኤች.ኣይ.ቪ ዝተበከለ መርፍእን ሲሪንጋን ምጥቃም።

3. ብደም ምትሕልላፍ ኣንተድኣ እቲ ደም ኤች.ኣይ.ቪ ኣለዎ።

4. ካብ ኣደ ናብ ቆልዓ ኣብ ጊዜ ጥንሲ፣ ኣብ ጊዜ ወሊድን ኣብ ጊዜ ምጥዋብን።

## ካብዚ ተመሓላላፊ ሕማም ንምክልኻል እንታይ ምግባር የድሊ ?

እቲ ሓደ ዝሓሸ መከላኸሊ ኣንጻር ኤች.ኣይ.ቪ ኮንዶም እዩ። ኮንዶም ካብ ካልኦት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት'ውን ይከላኸል ኣዩ፤ ንኣብነት ከም ዘምክን ሕማም፤ ጆግል ከምኡ ውን ካብ ዘይትደልዮ ጥንሲ ወዘተ...ዝኣምሰለ። ከምኡውን ብኣፍ ግብረ-ስጋ እንተድኣ ደሊኻ ኮንዶም ክትጥቀም ይግባእ።

ኬኒናን ሽቦኣዊን(ስፒራል) ንዘይትደልዮ ጥንሲ ጥራይ ኣዩ ዝከላኸል።

መርፍእ ንዝውግኡ ናርኮታት ኣቲ ሲሪንጋ/መርፍእ ምስ ካልኦት ካብ ምክፋል ክቑጠቡ ኣለዎም። እንተድኣ እቲ ሲሪንጋን መርፍእን ክትካፈል መሪጽካ፣ ነቲ መርፍእን ሲሪንጋን ብክሎሪን ጌርካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝተወጋእካሉ ኣጸቢቕካ ምሕጻ ብ የድሊ። ከምዚ ዝስዕብ ጌርካ ሕጸቦ፤

ን 5 ሳዕ ብልብጥ ዝበለ ማይ ጌርካ ምልቕላቕ፣
በቲ ሲሪንጋ ጌርካ ነቲ ክሎሪን ስሕብ ተብሎ፣ እቲ ክሎሪን ጌርካሉ ን5 ደቓይቕ ይጽናሕ፣
5 ሳዕ ብልብጥ ዝበለ ማይ ጌርካ ትልቕልቖ።

በቲ ነተን ኤች.ኣይ.ቪ ዘለወን ጥኑሳት ዝግበር ሕክምና፣ እቲ ናብቲ ቆልዓ ክመሓላለ ፍ እዩ ዝብል ሓደጋ ኣጸቢቑ ጎዲሉ ይርከብ። መታን እቲ ቆልዓ ኤች.ኣይ.ቪ ከይ መሓላለፎ እታ ኣደ ብግቡእ ነቲ ሕክምና በብግዚኡ ክትከታተሎ ኣገዳሲ እዩ።

## ኤች.ኣይ.ቪ በዚ ዝስዕብ ኣይመሓላለፍን እዩ፤

ኣብ ዕለታዊ ማሕበራዊ ርክባት
ብምትንኽኻፍ
ብንፋስን ብማይን
ብምግብን መስተን
ብማንካን ፋርኬታን ሽሓኒን ከምኡ ዝኣምሰለ
ብዓራትን ሽጎማኖን ከምኡ ዝኣምሰለን
ብኮፍ መበሊ ናይ ሽቓቕን መሐንበሲን
ብምስዕዓም
ብምስዓልን እንጥሽው ብምባልን
ብረሃጽ
ብንፋጥን ንብዓትን

እቲ ዝመኽነ መራፍእ ኣብ ሆስፒታል፤ ኣብ እንዳ ሓኪም ወይ ኣብ መደብር ጥዕና ዝጥቀሙሉ ኤች.ኣይ.ቪ ኮነ ካልእ ብደም ጌሩ ዝመሓላልፍ ሕማማት፡ ንምትሕልላፍ ሓደገኝነት የብሉን ። ስለዚ ደምካ ክትህብ ከሎኻ ሓደገኛ ኣይኮነን።

ኣብ ኖርወይ እቶም ደም ክህቡ ዝኽእሉ ውሱናት እዮም።
ሰብኣይ ምስ ሰብኣይ ግብረ ስጋ ርክብ ዝገብር፤ መርፍእ ዝውጉኡ ኖርኮታት፤
ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ወጻኢ ዝተቐመጡን ካብ ሰሜን ኣውሮጳ ወጻኢ ዝተወልዱን
ደም ክህቡ ኣይክእለኡን እዮም።

## ሕክምና

ኤች.ኣይ ቪ ንኸይመሓላለፍ ዝውጋእ ክታበት ገና ኣይተረኸበን። ኽምኡውን ካብ ኣካልካ ነቲ ቫይረስ ዘጥፍእ መድሃኒት ፈጺሙ ኣይተረኸበን።

እቲ ቫይረስ ኣብቲ ደም ከይባዛሕ ዝከላኸል መድሃኒት ይርከብ እዩ። እንተ ድኣ እቲ ኣብ ኣካላት ዝርከብ ቫይረስ ውሑድ ኰይኑ ነቲ ኣብ ኣካላት ሰብ ዝርከብ ናይ ተፈጥሮ መከላኸሊ ሓይሊ ንኸልምሶ ነዊሕ ግዜ ይወስድ። እቲ ንኣካላት ዝከላኸል

ሓይሊ፣ 'ተፈጥሮኣዊ መከላኸሊ ሓይሊ' ይበሃል። መድሃኒት ኣብ ዝጥቀመሉ እዋን ድማ ነቲ ተፈጥሮኣዊ መከላኸሊ ሓይሊ ንኸፍርሶ ነዊሕ ጊዜ ይወስድ። ክሳብ ሕጂ እዚ ሕክምና'ዚ ኣዎንታዊ ዝኾነ ውጽኢት ኣርእዩ ኣሎ።

እዚ መድሃኒታት ክውሰድ ከሎ ናብ ሓኪም እናኸድካ ግቡእ ምክትታል የድሊ። መታን እቲ ዝግባእ ኣድላዩ መድሃኒታት እናተዋህበ ቀልጢፉ ሕክምና ንክጅመር እቲ ኤች.ኣይ.ቪ ኣቐዲሙ ንኽፍለጥ ኣገዳሲ ኣዩ።

በቲ ተፈጥሮኣዊ መከላኸሊ ሓይሊ ምድካም ምኽንያት እንተድኣ ረኽሲ ጌይሩ፣ ንመብዛሕትኦም ረኽሲታት መድሃኒት ይርከቦም እዩ።

ኤች.ኣይ.ቪ ዘለዎ ሰብ ካብ መደብር ክንክን ጥዕና ምክትታል ክግበረሉ ከምኡውን ምኽሪ ክወሃቦ እዩ። ብዛዕባ ረኽሲ ብዝፈልጡ ኪኢላታት'ውን ሕክምና ክግበረሉ እዩ።

መድሃኒታትን ኩነታት መነባብሮን ነቲ ሕማም ክትንክፎ ይኽእል እዩ፣ ስለዚ እቲ ኤች.ኣይ.ቪ ዘለዎ ሰብ ምስቶም ናይ ምሕካም ልምምድን ክእለትን ዘለዎም ሰባት ንኽተሓባበር ኣድላዩ እዩ። በቲ ኣብ መንጎ ተሓካማይን ሓካማይን ዝግበር ጽቡቕ

ምትሕብባር፣ እቲ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ ረክሲ ዘለዎ ሰብ ነዊሕ ዓመታት ጥዑይ ኰይኑ ንኽነብር ዕድሉ ሰፊሕ እዩ።

## መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ

ኤች.ኣይ.ቪ ዝተመሓላለፎ ሰብ፣ ኣካላቱ ነቶም ቫይረስ ዘጥፍኡ ጸረ-ኣካል ዝተባህሉ ኣጥቃዕቲ ሳብስታንስ ይፈጥር። መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ካብ ኢድካ ደም ይውሰድ።

ኣብቲ ደም ጸረ-ኣካል ምህላው ይርአ። ኣብቲ ደም ጸረ-ኣካል ምህላው ዝፍለጥ ከኣ ካብቲ ብኤች.ኣይ.ቪ ዝተበከለሉ ግዜ ጀሚሩ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ሰሙን

የድሊ። ነቲ ኤች.ኣይ.ቪ መርመራ ደም መልሲ ንኽትረክብ ገለ ሓደ ሰሙን የድሊ። ኣብ ገለ ገለ ቦታታት እቲ መልሲ ድሕሪ 20 ደቓይቕ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ክትገብር ከሎኻ መንነትካ ንኽይፍለጥ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ሓደ ሰብ በዚ ሕማም ምብካሉ ዝፍለጥ ብመርመራ ደም ጥራይ እዩ። እቶም በዚ

ሕማም ተበኪለ ይኾውን እናበሉ ዝጠራጠሩ ወይ ዝሰግኡ ክምርመሩ ይግባእ። እቲ መርመራ ብነጻ እዩ፣ ኣብ ዝኾነ እንዳ ሓኪም ክትምርመር ትኽእል ኢኻ ። ብዘይ ናይቲ ዝምልከቶ ፍቓድ፣ እቲ ሓኪም ንዝኾነ ሰብ እቲ መልሲ መርመራ ክህብ ኣይ ክእልን ኣዩ። እዚ ኸኣ እቲ ዝተበከለ ንኻልኣት ከመሓላልፍ እዩ ተባሂሉ ስግኣት እን ተዘይሓደረ እዩ።

መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ብድልየት እዩ። እዚ ማለት ከኣ ብዘይ ድልየትካ ዋላ ሓደ

መርመራ ደም ክገብረልካ ኣይክእልን እዩ። እቶም ኩሎም ዝምርመሩ እንታይ ዓይነ ት መርመራ ከም ዝገብሩ ይሕበሩ እዮም። ኣብቲ ግዜ ጥንሲ ክከታተሉ ኸለው፣

ጥኑሳት ኣንስቲ ንኽምርመራ ዕድል ይወሃበን እዩ። መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ንኽግበር ኣብ ኖርወይ ፍቓድ መንበሪ ንክህልወካ ናይ ግድን ኣይኮነን። እዚ ምስ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ምንም ዘተሓሕዞ ነገር የልቦን።

## እቲ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ኣሉታዊ እንተ ኾነ

እቲ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ኣሉታዊ ዝበሃል ኣብቲ ደም ጸረ-ኣካል ምስ ዘይረአ እዩ፣ ስለዚ ኣይተበከልካን ማለት እዩ። ኣንተኾነ ግን ኣካላት፣ ድሕሪ በቲ ቫይረስ

ምብካሉ ጸረ-ኣካል ንኽፈጥር ጊዜ የድልዮ እዩ። እንተ ድኣ ቅድሚ ጸረ-ኣካል ምፍጣሩ ተመርሚርካ ኰንካ እቲ ቫይረስ ኣብ ሰብነትካ ኣሉታዊ መልሲ ከርኢ ይኽእል እዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ወርሒ ከም ዝተበከልካ እንተድኣ ፈሊጥካ ድሕሪ 6-8 ሰሙን ደጊምካ ክትምርመር ይግባእ።

ሰብነትካ ጸረ-ኣካል ገና ከይፈጠረ ከሎ ተበኪልካ እንተ ኾንካ ንኻልኦት ክትብክል ትኽእል ኢኻ።

ኣሉታዊ መልሲ ስለ ዝረኸብካ ንመጻኢ ግዜ ኣይብከልን እየ ንኽይትብል ዘክር።

ስለዚ ንሓደጋ ዘቃልዕ ከም ብዘይ መከላኸሊ ግብረ ስጋ ምፍጻምን መራፍእ ምክፋልን ከተወግድ ኣሎካ።

## እቲ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣወንታዊ እንተ ኾነ

ኣዎንታዊ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ማለት ተበኪልካ ኣሎኻ ማለት እዩ፣ ንኻልኦት'ውን ከተመሓላልፍ ትኽእል ኢኻ። ዋላ እኳ ኣካላት ጸረ-ኣካል እንተፈጠረ ነቶም ቫይረስ ዘይጊድኡ ንኽገብርዎም ኣይከኣልን እዩ።

ሓደ ሰብ ሓደገኛ ዝኾነ ተመሓላላፊ ሕማም ምብካሉ ምስ ፈለጠ፤ ንመብዛሕትኦም ብዙሕ ሕቶታት ይፈጥረሎም እዩ።

ሓደ ሰብ እንተ ድኣ ኣብ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣዎንታዊ ኮይኑ ናብ ኤች.ኣይ.ቪን ኤይድስን ዝፈልጡ ክኢላታት ሓኻይምን ነርስታትን ይለኣኽ። ኣብዚ ነቲ ዘሎካ ሕቶታት መልሲ ትረክብ ከምኡውን ንህይወትካ ከመይ ጌርካ መደብ ከም ትገብር ምዕዶ ይወሃበካ።

መብዛሕትኦም ቅድሚ እቲ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣዎንታዊ ምኳኑ ምፍላጦም ዝሰር ሕዎ ዝነበሩ ክሰርሑን ክመሃሩን ይኽእሉ እዮም። ግን ኣብ ገለ ኩነታት ህይወቶም

ጥራይ እዮም ለውጢ ክገብሩ ዝግባእ። እቲ ዝዓበየ ለውጥታት ከኣ ንኻልኦት ከመሓላ ልፉ ምኳኖም ኣብ ግምት ከእትውዎ ይግባእ። ንመብዛሕትኦም ሓዲሽ ክኸውን ዝኽ እል ድማ፣ ምስ ኣገልግሎት ሕክምና ብቀጻሊ ርክብ ምግባር እዩ። ምስ ሓኪም ስሩ ዕ/ቀዋሚ ርክብን ናይ ቀረባ ምትሕብባርን ክህሉ ድማ ኣገዳሲ እዩ።

## ትርጉም ቃላት

ሕማም ንኽይሕዝ ዝከላኸል (Immunforsvar)
ኣብ ኣካላት ዝርከብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ምክልኻል ኣንጻር ባክተሪያ፤ ባይረስን

ዕሲን። እዚ ንኣካላት ንከይሓምምን ካብ ኩሉ ተመሓላላፊ ንዚጋጥም ሕማማት ይከላኸለል።

ተመሓላለፍቲ ነገራት (Smittestoffer)

ሕማም ክፈጥሩ ዝኽእሉ ባክተሪያ፣ ቫይረስን ዕሲን። እዞም ተመሓላለፍቲ ነገራት ኣብ ኣካላትና ክመጹ ዝኽእሉ በቲ ነተንፍሶ ኣየር፤ በቲ ንበልዖን ንሰትዮን ወይ ከኣ ብግብረ-ስጋ ርክብ ብምግባርን ብደምን እዩ።

ቫይረስ (Virus)
ንኽፍጠር ናይ ኣካላትና ህያው ዋህዮታት ዘድልዮ ተመሓልላፊ ነገር እዩ።

ባክተሪያ (Bakterier)
ንሰባት ሕማም ዘምጽእ ተመሓላላፊ ነገር እዩ። ብምኽንያት ባክተሪያ ዝመጹ ሕማማት ብጸረ-ነፍሳት (Anti-biotic) ክፍወሱ ይኽእሉ ኢዮም።

**ዕሲ** (Sopp)

**ተመሓላላፊ ነገራት ሕማማት ክፈጥር ይኽእል። ብፍላይ ከኣ ነቶም ንምክልኻል ሕማ ማት ድኹም መከላኸሊ ዘለዎም ሰባት።**

**ረኽሲ** ( Infeksjon )
**ብባክተሪያን ቫይረስን ዕሲን ዝመጽእ ሕማማት።**

**ጸረ-ኣካል** (Antistoffer)
**ኣካላት ዝፈጥሮ ነገራት ነቲ ኣብ ኣካላት ዝመጽእ ተመሓላላፊ ነገራት ንኽይጊዳእ ዝገብር። ንነፍሲ ወከፍ ተመሓላላፊ ሕማም፣ ሰብነት ናቱ ዝኾነ ጸረ-ኣካል ይፈጥር። ንኣብነት፤- ኣካላት ንኤች.ኣይ.ቪ ንምክልኻል ናቱ ዝኾነ ጸረ-ኣካል ይፈጥር።**